# ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ ታሪኽ
# ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቃለ-መሕትቱ ኣስፊሑ ከምዝገለጾ፡ ዞባና፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ሓድሽን ፍሉይን ታሪኻዊ መዋእል ኣብ ዝሰጋገረሉ ነጥበ መቐይሮ ይርከብ።

ከምዝፍለጥ ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፡ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ድሕሪ ምብቅዑ፡ ዞባና ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ንኣስታት 80 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ዘየዕርፍ ኩናትን ግጭታትን፣ ኣብ ዓዘቕቲ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊን ማሕበራዊን ቅልውላዋት ተሸሚሙ'ዩ ኣሕሊፍዎ። ዘይሕጋዊ ጎበጣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘስዓቦ ነዊሕ ሓርነታዊ ቃልሲ፣ ኩናት ሶማልን ኢትዮጵያን፣ ግጭት ሰሜንን ደቡብን ሱዳን፣ ውሽጣዊ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ተቓውሞ ህዝብታት ኢትዮጵያ፣ ሕንፍሽፍሽ ሃገረ ሶማልን ግብረሽበራዊ ምንቅስቓሳትን፡ ገለ ካብ'ቶም ሰላምን ቅሳነትን ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሪጎም፡ ወርቃዊ ግዜን ዕድላትን ህዝብታት ናይ'ዚ ዞባ ዘባኸኑ ጕሉሓት ብድሆታት እዮም። እዚ ኩነት'ዚ ብዘስዓቦ ድሕረት ከኣ፡ ህዝብታት'ዚ ዞባ ዘለዎም ገዚፍ ጸጋታትን ዕቑር ሃብቲን ንልምዓት ክጥቀሙሉ ኣይከኣሉን።

ሱር ናይ'ዚ ዕድል ወለዶታት ዘኽሰረ ብድሆታት'ዚ፡ ብቐንዱ ኣብ ዘመነ ዝሑል ኲናት ዝነበረን ድሕሪኡ ዝተኸስተን ግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያላን እዩ። ዘቤታዊ ድኻማት ናይ'ዚ ዞባ ድማ ምቹእ ባይታ ኮይኑዎ። ከም'ቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝገለጾ፡ ድሕሪ'ዚ ዘሕዘን ታሪኽ'ዚ፡ ዞባና ናብ ሓድሽ መድረኽ ዝሰጋገር ዘሎ እምበኣር፡ ብቐንዱ እቲ ሱር ናይ'ቲ ሽግር ብፍሽለት ስለዘብቅዐን ኣብ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኲኹስኲስ ዝጸንሐ ንቕሓት እናበረኸ ስለዝመጽአን እዩ። ከመይ'ሲ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ጀሚርካ፡ ኩሎም ህዝብታት ናይ'ዚ ዞባ፡ ነዚ ከቢድ ብድሆ ንምስጋር ዝኸፈሉዎ ዋጋ ቀሊል ኣይነበረን።

ብመንጽር'ዚ ሕሉፍ ታሪኽ ክንርእዮ እንከለና፡ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ኣንጻር ከፋፋሊ ፖለቲካ ክካየድ ዝጸንሐ ቃልሲ ዝወለዶ ሓድሽ ለውጢ፡ ሓደ ካብ ምልክታት ምብቃዕ ናይ'ቲ ዝሓለፈ መዋእል'ዩ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ድሕሪ'ዚ ፍጻመ'ዚ፡ ኣዝዩ ቅልጡፍን ብዙሕን ፍጻመታት ሰዒቡ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጸንሐ ኲነተ-ኲናት ብቕጽበት ኣኽቲሙ፡ ክልቲኤን ሃገራት ኣብ ኩሉ መዳያት ዕብየት ብሽርክነትን ተመላላእነትን ክሰርሓ፣ ዞባዊን ኣህጉራዊን ሰላምን ጸጥታን ንምውሓስ ብሓባር ክጽዕታ ከምእተበገሳ ኣበሲረን። ጎኒ ጎኒ'ዚ ምዕባለታት'ዚ፡ መራሕቲ ሃገራት ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ሶማልያን፡ ንኣጠቓላሊ ዞባዊ ምትሕብባር ሓባራዊ ኣዋጅ ከቲሞም። ትማሊ ኣብ ጎንደር ዝተኻየደ ርክብ ከኣ፡ ኣብ ትግባረ ናይ'ቲ ዝተበጽሐ ስምምዓት ዝቐንዐ እዩ። እዚ ተበግሶ'ዚ ኣብ ሰለስቲኤን ሃገራት ከይተሓጽረ፡ ንኻልኦት ሃገራት ናይ'ዚ ጎደቦ ክጽንብር ዘንቀደ ናይ ሰላምን ምትሕብባርን ተበግሶ ምዃኑ እውን፡ ካብ ዕለት ንዕለት ዝስዕብ ዘሎ ምዕባለታት እናጉልሐ ይመጽእ ኣሎ።

እዚ መራሕቲ መንግስታት ዞባና፡ ናይ ህዝብታቶም ጥቡቕ ጂኦግራፊያዊ፡ ታሪኻዊ፡ ባህላዊን ሃይማኖታዊን ምትእስሳር፡ ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ረብሓታትን መጻኢ ዕድልን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታን ተመሳሳሊ ሕብረተሰብኣዊ ኣቃውማን ከም መበገሲ ንዝበረኸ ዕላማ ብምውሳድ፡ ሃገራዊ ናጽነት፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሓድሕድ ብምክብባር፡ ብሓባር ክሰርሑ ወሲዶሞ ዘለዉ ተበግሶ፡ ንህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ሓድሽ ኣይኮነን። ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ባህጊ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ዝነበረን መንግስቲ ኤርትራ ብዙሕ ዝጸዓረሉን ዝደኸመሉን፡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣብ ጎድኒ መንግስቱ ጸኒዑ ደው ብምባል መስዋእቲ ዝኸፈለሉን ዕላማ እዩ።

ከምዝፍለጥ ራእይ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ሰላምን ፍትሒን ዝሰፈና ሃገር ልምዓትን ቀጻሊ ዕብየትን ምህናጽ እዩ። እዚ ዘቤታዊ ራእይ'ዚ ክሰምር ከኣ፡ ህላወ ርጉእን ተመላላእን ጎደቦ፡ ቅርዕው ዞባዊ ዝምድናታትን ሽርክነትን ወሳኒ ምዃኑ፡

ብዓንተቦኡ ጽኑዕ እምነት ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ እዩ ነይሩ። ብርግጽ ድማ፡ ናይ ሓባር መጻኢን ዕድልን ዝጠምሮም ህዝብታት፡ ዘለዎም ሓባራዊ ረቛሒታት ብምድማቕ፣ ንልምዓትን ምዕባለን ሓነቕቲ ዝኾኑ ፍልልያት ብምህሳስ፣ ባህላዊን ቁጠባዊን ምትእስሳር ዜደልድል፣ ሕውነት፡ ማዕርነትን ምትሕብባርን ዜማዕብል፣ ሓባራዊ ቁጠባዊ ምዕባለን ሽርክነትን ዜደንፍዕ ባይታ ክፈጥሩ፡ ጉዕዞ ዕብየት ዘሐንብብ ልክዕን መተካእታ ዘይርከቦን ሕርያ እዩ። ድሕሪ ናይ ሰለስተ መዋእል ዘይግባእ ክሳራ፡ እዚ ሕጂ እንኣትዎ ዘለና መድረኽ እምበኣር፡ ኣዝዩ ኣዎንታዊ ስጉምቲ ንምዕባለን ዕብየትን ዞባና ዝርኣየሉ ሓድሽ ምዕራፍ ንህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ እዩ። እዚ ሓድሽ ምዕራፍ ክኸፍቶ ዝኽእል ዕድላት ገዚፍ ኮይኑ፡ ብንቕሓትን ስራሕን ክስገር ዝግብኦ ብድሆታት እውን ከምዘለዎ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። ሕጂ እውን እቲ ዘሎ ምዕባለታት ዘይተዋሕጠሎም፡ ሓይልን ጥምረትን ሃገራት ናይ'ዚ ዞባ ዘሰክፎም ናይ ርሑቕን ቀረባን ሓይልታት ክህልዉ ባህርያዊ እዩ። ስለ'ዚ ድማ፡ ተኸሲቱ ዘሎ ባና ትስፉውን ብሩህን መጻኢ በቲ ሒዝዎ ዘሎ ኣንፈት ዝያዳ ገስጊሱ፡ እቲ ብዙሕ ዝተደኽመሉን መስዋእቲ ዝተኸፍለሉን ዕላማ ተዓዊቱ፡ ራእይን ድልየትን ህዝብታት ዞባና ክሰምር፡ እቲ ተበግሶ ክሕይልን ክድልድልን ሓያል ሓድሕዳዊ ምትእምማንን ውፉይ ስራሕን ይሓትት።

ሓዳስ ኤርትራ